# ሰማእታትና፡ብሕልና፡ንዘክሮም!

ሰማእታትና፡ብሕልና፡ንዘክሮም፡ዘንቲ፡ዕለት፡
ብትግባሬ፡ሕድሮም፡ መትከኣዊት እምነት፡
በጃና፡ሓሊፉ ፡ ንመሰል፡ንኽብረት፡ ህያው፡መስዋእትነት፡

እወ"ሕድሮም፡ነተግብሮ፡ናይ፡ሕልፈቶም፡ዉዑሎ፡
ሃግዳፋታና፡ንምላእ፡ጎዲልና፡ዘሎ፡
ናጽነት፡ባርነት፡ ዓመት፡ንቕበሎ፡
ህያው፡መስዋእትነት፡ኣቦቱኡ ፡እንከሎ፡

ኣብዛ፡ዕለት፡ዓመት፡መጸት፡ብክብሪ፡ንዝክራ፡
20ሰነ፡ታሪኽ፡ምስክራ፡ ሽምዓ፡ነብራሃላ ፡
እታ፡ዓመት፡ነታ፡ዓመት፡ትቕበላ፡መለሳ፡ዘይብላ፡እምነታ፡ኣጉዲላ፡
ሕድሪ፡ተጠሊሙ፡ምልኪ፡ምስ፡ገነነ፡
ስድራ፡ቤት፡ይጠፍእ፡እንዳተበታተነ፡
ደበስ፡ዘርከቦ፡ኻዕበት፡ዝሓዘነ፡ ኑቡር፡ምስተ፡ሳእነ፡
ንሱኹም፡ሓሉፍኩም፡የለን፡ዝቀሰነ፡ ዘስካሕክሕ፡ጫካነ፡

ንይምሰሉ፡ ምስሊ፡20 ሰነ፡ብተግባር፡ዘይስነ፡
ተተወልደ፡ይጸንት፡ጓሳ፡ምስተሳእነ፡ ዙሩእ፡ከይሰሰነ፡ ከምቶም፡ደቂ፡ሕነ፡፡
ሽምዓታት፡ይበርህ፡ተኸዊልካ፡ድነ፡ልቢ፡እንዳ፡ሓዘነ፡
ማሕላ፡ብሰማእታት፡ ክሕደት እናሻደነ፡
ማሕለኻ፡ዊዲቱ፡ህዝቢ፡ከይሳነ፡ እንዳ፡በታተነ፡
ኣብ፡ሑሉፍ፡ቂያታት፡ተኸዊሉ፡ድነ፡ ህዝቡ፡ዘይአቅስነ

ዮሃና፡ናጽነት፡ዳሳት፡ምስተ፡ሰርሔ፡ ሰቲ፡ተነስነሰ፡ ጌና፡ከይ፡ፈረሰ፡
ሓጎሱን፡ሓዘኑን፡ምስተ፡ሓዋወሰ፡ ሕጊ፡ከይ፡ነገሰ፡
ሑቡእ፡ኣጀደኦም፡ ንጥፍአት፡ግስጋሰ፡ ውግእ፡ወረ፡ውግእ፡ ካልእ፡ዝባአሰ፡ ውፉር፡ከይተመልሰ፡
ኤርትራዊ፡ዜጋ፡ወሪዱ፡ዕዳጋ፡ ብጃምላ፡ኣድራጋ፡
ኮንቱ፡ሃፈ፡ጻማ፡ምስ፡ሳአነ፡ዋጋ፡ ባህጉ፡ምስ፡ዘረጋ፡ ኣንጊሁ፡ብአጋ፡
ዓገብ፡ተሓሪሙ፡ ናህናዩ! ቲ!ጌጋ፡

ኣብ፡ክንዲ፡ትግባሬ፡ሕድሪ፡ተጠሊሙ፡
ፋሕ፡ዝበለ የዕጽምቲ፡ከይነቐጸ፡ ደሙ፡
እከይ፡ተግባራቶም፡ ሃገር፡ኣባዲሙ፡

ይብል፡ኣሎ፡ሱዉእ፡ቅዱሙ፡ዱሑሩ፡
መንፈስና፡ኣይቀሰነን፡ እንታዩ! ነገሩ፡ህዝቢ፡ኣንጸርጺሩ፡
ንዓና፡ኣሕሊፎም፡ተዘርኤ፡ዘሕሩሩ፡
እቶም፡ንፈለጦም ድዮም፡ምሰና፡ዝነበሩ፡
ሱዉእ፡ኣይቀሰነን፡ኣብታ፡መቓብሩ፡
ብስምና፡ማሓሉ፡ሓድነት፡ኣትሩሩ፡

ግን፡ከዓ፡ ኣጀኻትኩም፡ተስፋ፡ኣይትቑረጹ፡
ፍልልያት፡ ወጊድ፡ውህደትኩም፡ምረጹ፡
ይአክል፡ምትላል፡ብሱዋአት፡ላግጹ፡

ስለዚ፡ኣሕዋተይ፡ኣብዛ፡ቅድስቲ፡ዕለት፡ጡዋፍ፡ነብራሃላ፡
ብሲኒት፡ብልዝብ፡ባይታ፡ንፍጠረላ፡
ኣብትሕቲ፡ጽላላ፡ ሃገር፡ነድሕነላ፡

መብጻዓና፡ነሕድሶ፡ ለወባ፡ሰማእታትና፡
ኪኖ፡ጸልማት፡ብርሃን፡ኣማዕዲና።
ፍልያት፡ወጊድ፡ ጸራ፡ረብሓታትና፡
ኣፍልናን፡ንበሎ፡ናይ፡ሂልቂት፡መዘና።

ኣብ፡መወዳእታ፡ልቢ፡ንበል፡ ንፍትሒ፡ንድለያ፡
ፍረ ቶም ብጁዋት፡ዘሻሓት፡ማእለያ፡ብዙሕ፡ንጽበያ፡
ሱጉምትና፡ነጽፍፍ፡ንኸዳ፡ንጎያ፡

ዘልአለማዊ፡ክብርን፡ሞጎስን
ንሰማእታትና፡
ፍቕሪን፡ሲኒትን፡ንዘለና፡

ብዳዊት፡ክፍለዝጊ!